# ዓመታዊ ኣኼባ ህ.ግ.ደ.ፍ ንኡስ ጨንፈር ሰሜን ጀርመን
# ኣብ ከተማ ቡፐርታል ተኻይዱ

ብዕለት 22.10.2016 ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ. ንኡስ ጨንፈር ሰሜን ጀርመን ኣብ ከተማ ቡፐርታል ዓመታዊ ኣኼብኦም ኣቃኒዖም።

እቲ ኣኼባ ብኣቶ ተወልደ ቴድሮስ ኣቦ መንበር ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ቡፐርታል ብዝኽረ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት ናይ እንቋዕ ደሓን መጽእኩም መእተዊ ቃል ሃበ።

ሰዒቡ ኣብ ሓፈሻዊ ህልው ኩነታት ሃገርና ዘቶኮረ መግለጺ ብፈጻሚ ጉዳያት ቤት ጽሕፈት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ዮውሃንስ ወልዱ ተዋህበ። ኣብ ዝተዋህበ መግለጺ ሓፈሻዊ ኣብ ኣገልግሎት ቆንሱላዊ ጉዳያትን ዝምድናና ምስ ሃገረ ጀርመንን ዘተኮረ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ብኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ሓላፊ ህዝባዊን ኮማዊን ጉዳያት ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣብ 2016 ናይ ጉጅለታት ንኡስ ጨንፈር ሰሜን ከምኡውን ብንኡስ ዞባ ጀርመን እተኻየዱ ንጥፈታት ጽማቕ ጸብጻብን ቀረቡ። ተስተፍቲ ኣኼባ ንዝቀረበ ጸብጻብ፡ ኣሉታውን ኣወንታውን ሸንኻቶም ገምጊሞም ፡ ሰፊሕ ዘተን ከትዕን ድሕሪ ምክያድ ፡ ዘሎ ጉድለታት ተወጊዱ፡ ኣብ ዝጸበይዎም ዘለዉ ሰፋሕቲ ሃገራዊ ዕማማት ኣተኩሮም ክሰርሑ ከም ዘለዎም ሓበራዊ መረዳእታ ፈጢሮም።

ሕመረት ኣርእስቲ ናይዚ ዕለት እዚ " ክብርታትና " ኣብ ዝብል ዛዕባ ኮይኑ፦ ብኣቶ ፍጹም ሳህለ ኣባል ህዝባዊን ኮማዊን ጉዳያት ኤርትራ ኣብ ጀርመን ኣብ ዝቐረበ እዋናውን ኣገዳስን ሰፊሕ ኣርእስቲ ፡ ኣባላት ብተገዳስነት ድሕሪ ምክታታል፡ ኣስፊሖም ዘተይሉ።

ኣብ መደምደምታ ኣባላት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጀለታት ንኡስ ጨንፈር ሰሜን ጀርመን፡ ኣብ መትከሎም ዕላማኦምን ጸኒዖም ንዝመጹ ውድባዊን ሃገራዊ ዕማማት ከም ወትሩ ከሰላሰልዎም ከም ዝኾኑ ድልውነቶም ብምግላጽ ዓመታዊ ኣኼባ ህ.ግ.ደ.ፍ ንኡስ ጨንፈር ሰሜን ጀርመን ኣብ ከተማ ቡፐርታል ብዓወት ተዛዚሙ።

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ
ኣካየድቲ ኣካላት ህ.ግ.ደ.ፍ. ጉጀለታት ንኡስ ጨንፈር ሰሜን ጀርመን

23.10.2016